Mr. Diijon DaCosta, Sr.፡ *ኣቦ-መንበር ቦርድ*
Mrs. Deirdre P. Pierce, *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Mrs. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣመሓዳሪ*

**ንህጹጽ ዝርጋሐ**

29 ሓምለ 2024

**ዝርከብ ኣካል፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# DCSD፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-25 ከም ርእሰ-መምሃራን ኮይኖም ንዘገልግሉ ሓደስቲ 20 ሓለፍቲ ብምቕጻሩ ሓጐሱ ይገልጽ

(STONE MOUNTAIN, GA)- DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ብመሰረት *ሓድሽ ደረጃታት፡ ሓድሽ ብራኸታት* ዚብል ናይ ኣውራጃ ቴማ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-25 ነተን ዝተመደቡለን ኣብያተ-ትምህርቲ ዚመርሑ 20 ብሉጻት ሓደስቲ ርእሰ-መምሃራን ከምዝቖጸረ ይሕብር። Avondale፡ Bob Mathis፡ Briar Vista፡ Columbia፡ Dunwoody፡ Hawthorne፡ Henderson Mill፡ Marbut፡ Pine Ridge፡ Shadow Rock፡ Smoke Riseን Woodward Elementary Schoolsን፡ International Student Center፣ Cedar Grove፡ Lithonia፡ Peachtreeን Stephenson Middle Schoolsን፣ ከምኡውን Columbia፡ Druid Hillsን Southwest DeKalb High Schoolsን፡ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት'ዞም ፍሉይ ዓቕሚ ዘለዎም መምሃራን ብምዃን ነዚ ባህ ዜብል ጕዕዞ ንኺጅምሩ ተዳልዮም ኣለዉ።

ዋና ኣማሓዳሪ DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton፡ ኣብዞም ብሉጻት ኣማሓደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘለዎ እምነትን ምስጋናን ገሊጹ።

*"እዞም ብሉጻት መራሕቲ፡ ኣብቲ ዝተዋህቦም ሓድሽ መዝነት ስራሕ ንኺጅምሩ ክንቅበሎም ከለና ሓበን ይስምዓና። እዞም ርእሰ-መምሃራን፡ ኣብቲ ዝምህርሉ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ተማሃሮ ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ትምህርቲ ኣብዚ ሓድሽ ዓመተ-ትምህርትን ድሕሪኡን ንኽህቡ ዝከኣሎም ኲሉ ኪገብሩ ምዃኖም ርግጸኛ እየ"* ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ። *"ንብሉጽ ዕብየትን ዓወትን ተማሃሮኦም፡ መምሃራኖምን ኣባላት ሰራሕተኛታትን ንኺመርሑን ድሉዋት ንኺርእዩን ሓላፍነት ብምስካሞም ንነፍስወከፎም ኣመስግኖም።"*

ብስም ቤት ትምህርቲ ተሰሪዖም ዘለዉ ሓደስቲ ርእሰ-መምሃራን፥

- **Avondale Elementary – Dr. Candace Sagers፥** Dr. Sagers፡ ኣብ ትምህርቲ ን18 ዓመታት ዝሰርሐት ውርይቲ *መራሒት እያ። ናይ* Redan High School ኩርዕቲ ምርቕቲ DeKalb ኮይና፣ *ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን* Avondale Elementary School ብምዃን ንዝሓለፈ ዓሰርተ-ዓመተ ዝሰርሐት እያ፣ እቲ ዝገበረቶ መሪሕነት፡ ዝተፈላለየ ክብርታት ዘለዎ ኣፍልጦ ረኺቡ እዩ።
- **Bob Mathis Elementary – Candace Wade-Blaise፥** ውጽኢት DCSD ዝኾነት Ms. Wade-Blaise፡ ኣብዚ ኣውራጃ'ዚ፡ ከም መምህር፡ ኣካዳምያዊ ኣሰልጣኒትን ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ኮይና ኣገልጊላ እያ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ድማ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Redan Elementary School ኮይና ሰሪሓ እያ።
- **Briar Vista Elementary – Dyani Robinson፥** Ms. Robinson፡ ካብ 2018 ጀሚራ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Briar Vista ኮይና ኣገልጊላ። እዚ ሰፊሕ ተሞክሮኣን ኣብ ትምህርታዊ ብሉጽነት ዘካየደቶ ሓያል ጻዕርን፡ ኣብ Briar Vista ንዘሎ ኣካዳምያዊ ኲነታት ብዓቢ ደረጃ ቀሪጹ እዩ።

-ተወሳኺ-

- **Cedar Grove Middle – James Holloway፥** Mr. Holloway፡ ን18-ዓመት ከም መምህር ዝሰርሔ ኮይኑ፡ ከም ተሓጋጋዚ ርእሰ-መምሃራን ድማ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ተሞክሮ ዘለዎ እዩ። ሞያኡ፡ ኣብ Bethune Middle School ከም መምህር ኮይኑ ኣብ 2006 ዝጀመረ እዩ፣ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን ማእከላይ ደረጃን ንዝርከቡ ቆልዑ ድማ ብዝተፈላለየ መዝነት ቀጻሊ ኣገልጊሉ እዩ።
- **Columbia Elementary – Candace Hardy፥** Ms. Hardy፡ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበራ ናይ ልዕሊ 21 ዓመታት ተሞክሮ፡ ኣብ Toney Elementaryን Columbia Elementary Schoolን ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን ኮይና ኣብ DCSD ዘገልገለት እያ።
- **Columbia High – Dr. Pammy Darden፥** Dr. Darden፡ ካብ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን ናብ ርእሰ-መምሃራን Columbia High ዕብየት ረኺባ እያ። ከም መምህር፡ ኣወሃሃዲት ፈተናታት ቤት ትምህርቲ፡ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ርእሰ-መምሃራንን ብምኳን፡ ኣብ ትምህርቲ ናይ ልዕሊ 25 ዓመታት ተሞክሮ ኣለዋ።
- **Druid Hills High – Dr. Michelle Stewart፥** Dr. Stewart፡ ን25 ዓመታት ዘገልገለት ጻዕረና መምህር እያ። ከም መራሒት ኣውቶቡስ፡ ኣዋፋሪት መጻዓዝያ፡ መምህር፡ ኣሰልጣኒት ንባብን ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ብምኳን ኣገልጊላ።
- **Dunwoody Elementary – Kanessa Fain፥** ናይ 23-ዓመት ተሞክሮ ዘለዋ ገዲም መምህር Ms. Fain፡ ከም መምህር መባእታ ደረጃ፡ ናይ ኣውራጃ ኣሰልጣኒት ኣካዳሚ ንባብን ጽሕፈትን ቍጽርን (District’s Academic Coach for Literacy and Math)፡ ኣወሃሃዲት MTSSን ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ኮይና ዘገልገለት እያ። ውፍይትን ጻዕረኛን መምህር እያ።
- **Hawthorne Elementary – Kia Henley፥** Ms. Henley፡ ኣብ ትምህርቲ ናይ 20 ዓመታት ተሞክሮ ዘለዋ ኮይና፡ ኣብ ትምህርታዊ መሪሕነት/ምሕደራ ድማ ናይ 15 ዓመታት ተሞክሮ ኣለዋ። ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን John Lewis Elementary School ኮይና ኣገልጊላ እያ።
- **Henderson Mill Elementary – Dr. Regina Blanton፥** Dr. Blanton፡ ናይ 24-ዓመት ገዲም መምህር ኮይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ድማ ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Henderson Mill ኮይና ኣገልጊላ። ኣብ Yokota (ዮኮታ)፡ ጃፓን ንሞያኣ ጀሚራ፣ ናብ መዝነት መሪሕነት ድማ ቀልጢፋ ተሰጋጊራ።
- **International Student Center – Gregory Wickersham፥** ከም መምህር ኮይኑ ን28-ዓመት ዘገልገለ Mr. Wickersham፡ ርእሰ-መምሃራን International Student Center ብምኳን ናብ ስራሕ ይምለስ ኣሎ። ካብ 2015 ክሳዕ 2017 ኣብዚ ማእከል'ዚ ምሂሩ። ርእሰ-መምሃራን ቅድሚ ምዃኑ፡ ተሓጋጋዚ ርእሰ-መምሃራን Jolley Elementar፣ ብደረጃ ኣውራጃ ድማ ኣብ ዘሎ ክፍሊ ተማሃሮ እንግሊዝኛ (English Learners Department) ኣወሃሃዲ ኮይኑ ሰሪሑ።
- **Lithonia Middle – Dr. Cornelius Polk፥** Dr. Polk፡ ኣብ ትምህርቲ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ሰሪሑ። ናብ DeKalb ቅድሚ ምምጻኡ ድማ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣውራጃታት Fulton and Clayton County ሰሪሑ ነይሩ። ኣብ ዝሓፈለ ቀረባ እዋን፡ ከም ግዝያዊ ርእሰ-መምሃራን Clayton County ከምኡውን ተሓጋጋዚ ርእሰ-መምሃራንን መምህርን ኮይኑ ኣገልጊሉ።
- **Marbut Elementary – Dr. Tiffany Reeves፥** ኣብ ትምህርቲ ናይ 22 ዓመታት፣ ኣብ DCSD ድማ ንሸውዓተ ዓመታት ኣገልጊላ፣ Dr. Reeves፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ዓወትን ኣብ Navie J. Harris Theme School ዘሎ መጠን ዕቃበ መምሃራንን ብዓቢ ደረጃ ኣበርኪቶ ዝገበረት እያ።
- **Peachtree Middle – Dr. Jennifer Gates፥** Dr. Gates፡ ኣብ Peachtreeን DCSDን ዳርጋ ናይ 20 ዓመታት ናይ ትምህርቲ ተሞክሮ ኣለዋ። ኣብ ካናዳን Cobb County School Districtን ድማ ከም መምህር፡ ኣካዳምያዊ ኣሰልጣኒት፡ ክኢላ ምስትምሃርን ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ኮይና ኣገልጊላ።
- **Pine Ridge Elementary – Lindsey Scott፥** ን17 ዓመታት ከም መምህር ዝሰርሔት Ms. Scott፡ ኣብ Hawthorne Elementary School ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን ኮይና ኣገልጊላ፣ ካብ 2003 ጀሚራ ድማ ኣብዚ ኣውራጃ'ዚ ትሰርሕ ኣላ።

-ተወሳኺ-

- **Shadow Rock Elementary – Dr. Fricreta Rice፥** Dr. Rice፡ ኣብ ትምህርቲ ዝሰርሓቶ ግዜ ናብ 15 ዓመት ይጸጋጋዕ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ፡ ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን፡ መምህር ምድላው ካሪክሉም Teacher Academy for Preparation and Pedagogy (TAPP)ን ውጥንን፡ ኣሰልጣኒት ምስትምሃርን መምህርን ኮይና ኣገልጊላ።
- **Smoke Rise Elementary – Dr. Krystye Tatum፥** Dr. Tatum፡ ናይ ልዕሊ 20 ዓመታት ተሞክሮ ዘለዋ ገዲም መምህር እያ። ከም መምህር፡ ኣሰልጣኒት ኣካዳሚ ኮይና ዘገልገለት ኮይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ድማ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Woodward Elementary School ኮይና ኣገልጊላ እያ።
- **Southwest DeKalb High – Brandon Thompson፥** Mr. Thompson፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ፡ ኣብ Dr. Martin Luther King, Jr. High School ከም ተሓጋጋዚ ርእሰ-መምሃራን ምስትምሃር ኮይኑ ኣገልጊሉ፣ ን19-ዓመት ዘገልገለት መምህር እያ።
- **Stephenson Middle – Tonya Izzard፥** ናይ 18 ዓመታት ናይ ምስትምሃር ተሞክሮ ዘለዋ Ms. Izzard፡ ምሉእ ናይ ስራሕ ግዚኣ ኣብ DeKalb ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓፈለ ቀረባ እዋን ድማ ኣብ Henderson Middle School ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን ኮይና ሰሪሓ።
- **Woodward Elementary – Kimberly Clark፥** Ms. Clark፡ ናይ 22-ዓመት ተሞክሮ ዘለዋ ገዲም መምህር ኮይና፡ ኣብ Doraville United Elementaryን Dresden Elementaryን ድማ ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን ኮይና ዘገልገለት እያ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200